# መንበሪ ገዛን ቍጠባን

ሚግራሹንስቨርከት ዕቑባ ዝሓተትካሉ ጉዳይ ክጻረ ኣብ ትጽበየሉ እዋን። ኣብ መዕቆቢ ስደተኛታት ግዜያዊ መቐመጢ የዳልወልካ እዩ፣ ባዕልኻ ምስ ኣዝማድካ ወይ ፈተውትኻ መቐመጢ ቦታ ክትረክብ'ውን ትኽእል ኢኻ፣ ኣበይ ከምትቕመጥ ብዘየገድስ ግን ሚግራሹንስቨርከት ምሳኻ ክራኸብ ክደሊ ከሎ ክስእነካ የብሉን፣

## ኣባይቲ ሚግራሹንስቨርከት

እዚ ሚግራሹንስቨርከት ዘዳለወልካ ገዛ። ኣፓርትመንት ክኸውን ይኽእል። ወይ ሓደ ዓይነት መዕቆቢ ስደተኛታት ክኸውን ይኽእል፣ ኣብ ሓደ መዕቆቢ ስደተኛታት ምስትመርጽ። ኣብቲ ቦታ ዝረኸብናልካ ከባቢ ክትከይድ የድሊ፣ ናትካ ገንዘብ ምስ ዝህልወካ። ክራይ ገዛኻ ባዕልኻ ኢኻ ትኸፍሎ፣ ገንዘብ እንተዘይብልካ ግን ብናጻ ትቕመጥ፣

ውልቀሰባት ኣብ ሓደ ክፍሊ ምስ ካልኦት ብሓደ ተላፊኖም ክኣትዉ ይኽእሉ፣ ጉዳይካ ኣብ ትጽበየሉ ጊዜ። ኣብ ውሽጢ ዘለኻዮ መዕቆቢ ስደተኛታት ወይ ናብ ካልእ ቦታ ክትግዕዝ ክትግደድ ትኽእል ኢኻ፣

ናይ መቐመጢ ፍቓድ እንተረኺብካ። ንመደብ መትከል-እግሪ(ኤታብለሪንስፐላን) መሰል ኣሎካ፤ ብዛዕባ'ዚ መደብ ምስ ኣርበትስፎርመድሊን ኣብ ትዛተየሉ እዋን'ውን ኣርበትፎርመድሊን ኣብ ገለ ኮሙን መቐመጢ ክትረክብ ኪሕግዘካ ይኽእል'ዩ፣

ብምኽንያት ስራሕ ፍቓድ እንተረኺብካ ግን መቐመጢ ባዕልኻ ኢኻ ደሊኻ ትረክብ፣

## ናይ ባዕልኻ ገዛ

ትቕመጠሉ ገዛ ክረክብ'የ ምስ ትብል። ከም ግቡእ ወጻኢታትካ'ውን ባዕልኻ ትሸፍኖ፣ ብገለ ምኽንያት ካብቲ ባዕልኻ ዝረኸብካዮ ገዛ ምስትወጽእ። ቦታ ናብ ዝረኸበልካ ናብ ሓደ ናይ ሚግርሹንስቨርከት መዕቆቢ ስደተኛታት ትምለስ፣ ንተወሳኺ ሓበሬታ ምስቲ ምዝጉብ ዝኾንካሉ መዕቆቢ ስደተኛታት ርክብ ግበር፣

## ቍጠባ

### *መዓልታዊ ሓገዝ ገንዘብ*

ስራሕ ክትረክብ እንተዘይከኣልካ ወይ ብገለ ምኽንያት ገንዘብ ዘይብልካ ምስትኸውን መዓልታዊ ሓገዝ ገንዘብ ንምርካብ ምልክታ ከተእቱ ትኽእል ኢኻ፣ ኣብቲ መግቢ ዝቐረበሉ መዕቆቢ ስደተኛታት ክትነብር ከሎኻ ዝፍቀድ ገንዘብ።-

- 24 ክሮኖር መዓልታዊ ንውልቀሰብ
- 19 ክሮኖር መዓልታዊ ንሰብ ሓዳር
- 12 ክሮኖር መዓልታዊ ንቆልዑ ክሳብ 17 ኣድመ (ካብ ሳልሳይ ቆልዓ እቲ ሓገዝ ናብ ፍርቂ ይጎድል)

መግብኻ እትገዝኣሉ መዓልታዊ ሓገዝ ገንዘብ

- 71 ክሮኖር መዓልታዊ ንውልቀሰብ
- 61 ክሮኖር መዓልታዊ ንሰብ ሓዳር
- 37 ክሮኖር መዓልታዊ ካብ 3 ዓመት ንታሕቲ ዝዕድመኦም ህጻናት
- 43 ክሮኖር መዓልታዊ ንቆልዑ ክሳዕ 4-10 ዕድመ
- 50 ክሮኖር መዓልታዊ ንቆልዑ ክሳዕ 11-17 ዕድመ

(ካብ ሳልሳይ ቆልዓ ናብ እቲ ሓገዝ ፍርቂ ይጎድል)

እዚ ብዝሒ ገንዘብ ብጀካ ንመግቢ። ንኽዳን። ሳእኒ። ሕክምናን መድሃኒትን። ሕክምና ስኒ። ጽሬት። ንናይ ነጻ ግዜ ንጥፈታትን ካልእን ክኣክል እዩ፣
ካብ ሚግራሹንስቨርከት መዓልታዊ ሓገዝ ገንዘብ ክትረክብ ምስ ተፈቒደልካ። ነቲ ገንዘብ ዝሓዘት ሓንቲ ናይ ባንክ ካርድ ይወሃበካ፣ ንተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ሰራሕተኛታት ሚግራሹንስቨርከት ተላዘብ፣

### ሓገዝ ክራይ ገዛ

ስራሕ እንተተዋሂቡካ ወይ ረኺብካ ሓገዝ ክራይ ገዛ ክትረክብ ምልክታ ከተእቱ ትኽእል ኢኻ፣ ይኹን እምበር እቲ ስራሕ ካብ 3 ወርሒ ንላዕሊ እንተኾይኑ። እቲ እትኸዶ ቦታ ስራሕ'ውን መቐመጢ ናይ ሚግራሹንስቨርከት ዘይብሉ ምስዝኸውን እዩ፣
ብዝሒ ናይ ክራይ ገዛ ሓገዝ።-

- 850 ክሮኖር ንሰብ ሓዳር
- 350 ክሮኖር ንውልቀሰብ እዩ፣

Migrationsverket

600 720 Faktablad om boende och ekonomi. Tigrinsk översättning. Finns översatt till albanska, arabiska, bosniska/kroatiska/serbiska, engelska, persiska, romani, ryska, somaliska, tigrinska. Produktion: Enheten för extern kommunikation. Webbplats: www.migrationsverket.se

**መታን ኪኽፈለካ ክማላእ ዘለዎ ኮነት**

ክንደይ ገንዘብ ምሳኻ ሒዝካ ከምዚመጻእካን ካልእ ዘሎካ ንብረትን ምንጋር ይግበኣካ፣. ንኣብነት ስራሕ እንተጀሚርካ። ንስኻን ወሃብ ስራሕካን ንሚግራሹንስቨርከት ክትሕብሩ ሓላፍነት ኣሎኩም፣ ኮነታት ቀኍጠባኻ እንተተለዊጡ'ውን ንሚግራሹንስቨርከት ክትሕብር ይግባእ፣ መታን ብገበን ከይትኸሰስ። ብዛዕባ ኮነታት ቀኍጠባኻ ምንጋር ኣዝዩ ኣድላዪ ምኻኑ ኣስተውዕል፣
ዝወሃበካ መዓልታዊ ሓገዝ ክጎድለሉ ዝኽእል ኣብነታት።-

- መንነትካ ንምርግጋጽ ምስ ዘይትተሓባበር
- ዕቑባ ዝሓተትካሉ ጕዳይ ንኽይሳለጥ ንኣብነት ኣድራሻኻ ንሚግራሹንስቨርከት ምስዘይትሕብር
- መጽናዕቲ ኣብ ጕዳይካ ንኽግበር ተጸዊዕካ ከተብቅዕ ምስ ዘይትርከብ
- ንኽትስጎግ ወይ ካብ ሃገር ክትወጽእ ተወሲኑካ ምስ ዘይትተሓባበር

ውሳነ ብዛዕባ ቁጠባዊ ሓገዝ
ሚግራሹንስቨርከት ብዛዕባ ቁጠባዊ ሓገዝ ውሳነ ምስ ዚገብር፣ እቲ ብዛዕባ ውሳነ ዝወሃበካ ሓበሬታ ወይ

- ብፈጻሚት ጕዳይ ኣብቲ እትነብረሉ መቕበል ስደተኛታት እትርከብ ወይ ድማ
- ብዝተመሓየሸ ኣገባብ ኣወሃህባ ሓበሬታ ክትረኽቦ ኢኻ (ኣብ ታሕቲ ተመልከት)።

*ይግባይ ክትብል ምስ ትደሊ*
ሚግራሹንስቨርከት ብዛዕባ እቲ ዚወሃበካ ገንዘብ ዘይቅኑዕ ውሳነ ወሲዱ ኣሎ ኢልካ ምስ ትኣምን፣ ይግባይ ክትብል መሰል ኣሎካ። ናይ ይግባይ ምልክታኻ ድማ፣ ካብቲ ውሳነ ዝተሓበርካሉ ዕለት፣ ኣብ ውሽጢ 3 ሰሙን ናብ ሚግራሹንስቨርከት ክኣቱ ይግባእ።
ሚግራሹንስቨርከት ነቲ ይግባይካ ምስ ዘይቅበሎ፣ ጕዳይካ ከም ብሓድሽ ክርአ ናብ ቤትፍርዲ ኣብያተ-ጽሕፈት (ፎርቫልትኒንግስረተን) ይተሓላለፍ።

*ዝተመሓየሸ ኣገባብ ኣወሃህባ ሓበሬታ*
እዚ ዝተመሓየሸ ኣገባብ ኣወሃህባ ሓበሬታ ማለት፣ ሚግራሹንስቨርከት ነቲ ወሳነኻ፣ ብልሙድ ደብዳበ ጌሩ ናብቲ ዝሃብካዮ ኣድራሻ ይልእከልካ። ንጽባሒቱ ድማ ካልእ ብዛዕባ እቲ ዝተላእከልካ ውሳነ ዚሕብር ሓድሽ ደብዳበ ንልእከልካ። ከምኡ ዘግብረና ምኽንያት ድማ፣ ከጋጥም ንዝኽእል ጌጋታት ንምንካይ እዩ። ሚግራሹንስቨርከት ክልተ ሰሙን ድሕሪ እቲ ካልኣይ ደብደበ ምልኣኹ፣ እቲ ውሳነ ኣብ ኢድካ ከም ዝበጽሐ ይቖጽሮ። ካብኡ ድማ ብዛዕባ'ቲ ዝተዋህበካ ውሳነ ይግባይ ንምባል ናይ 3 ሰሙን ግዜ ኣሎካ።

እቲ ዝሃብካዮ ኣድራሻ ክንጥቀመሉ ምስ ዘይንኽእል፣ ኣብ ህዝባዊ-መዝገብ ሽወደን ውን ምዝጉብ ምስ ትኸውን፣ ናብቲ ምዝጉብ ዝኾንካሉ ኣድራሻ ይልኣኸልካ።

ብሚግራሹንስቨርከት ውሳነ ንኽግበረሉ ዘእተኻዮ ምልክታ ክሳዕ ዘሎ፣ እቲ እዋናዊ ዝኾነ ኣድራሻኻ ኣየናይ ምዃኑ፣ ነቲ ናይ ምቕባል ስደተኛታት ኣሃዱ ክትሕብሮ ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ። ንዝልኣኹልካ ደብዳበታት ንምርካብ፣ እንተ ወሓደ ኣብ ክልተ ሰሙን ቡስጣታትካ ተኸታተል።

ይግባይ እንተ ድኣ ኢልካ፣ ዋላ እቲ ናይ ኣብያተ-ጽሕፈት ቤትፍርዲ ውን፣ ክሕብረካ ከሎ፣ በቲ ዝተመሓየሸ ኣገባብ ኣወሃህባ ሓበሬታ ክጥቀም ይኽእል እዩ።

Migrationsverket